# ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ ንምስታፍ፡ ትማሊ ምሸት ናብ ዛምብያ ከይዱ።

------------- 0 ----------------

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብቲ ካብ 9 ክሳብ 11 ሓምለ ዝካየድ መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ንምስታፍ፡ ትማሊ ምሸት ናብ ዛምብያ ከይዱ።

ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናብቲ ኣኼባ ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ተረኺቦም፡ ኣፋንዮሞ።

ኣብ ሉሳካ ርእሰ ከተማ ዛምብያ ኣብ ዝካየድ መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ ነቲ ናይ 38 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብሕብረት ኣፍሪቃ ንምትካእ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ መዛተዪ ዛዕባ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ብዘይካዚ ንጉዳይ ስደተኛታት፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተኸስተ ግጭታትን ካልእን ዛዕባታት ክዝተየሉ እዩ።

ኣቐዲሙ፡ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ን"ሕብረት ኣፍሪቃ" ኣመልኪቶም ኣብ ከተማታት ስርተ(ሊብያ)ን ሎመ(ቶጎ)ን ተጋቢኦም፡ ዘሕለፍዎ ውሳኔታት ከምዝነበረ ይዝከር።

ኣብ ከተማ ሉሳካ ኣቐዲሙ ካብ 2 ክሳብ 7 ሓምለ መበል 74 ኣኼባ ባይቶ ሚኒስተራትን መበል 13 ምዱብ ኣኼባ ኮሚቴ ኣምባሳደራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ተኻይዱ እዩ።

------------ኣዜኤ-----------